ትካልና ፍረ ስዉኣት ስራሕቲ ንግዲ ሓላ/ዝተ/ዉ/ማሕበር ኣብ ወረዳ ጣንቋ ምላሽ ጣብያ ኣግበ ዝርከብ ኣብ 5.300 ሜ.ካ ዝዓረፈ መፃረዩ ናይስ ፋብሪካ ዕሹግ ማይ ነቲ ፋብሪካ ዝምግብ ዝፃረ ማይ ተመራፀን ንጥዕና ዝስማዕማዕን ተፈጥራኣዊ ፍልፍል ማይ ዘለዎ ብዘለዎ ኩነታት ብጨረታ ኣዋዳዲሩ ከሸይጥ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 29, 2018 (ቅድሚ 7 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 13, 2018 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:100000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:1000
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 13, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/

ፋብሪካ መፃረዩ እሹግ ማይ ናይስ ንምሻጥ ዝወፀ ምልከታ ጨረታ

ትካልና ፍረ ስዉኣት ስራሕቲ ንግዲ ሓላ/ዝተ/ዉ/ማሕበር ኣብ ወረዳ ጣንቋ ምላሽ ጣብያ ኣግበ ዝርከብ ኣብ 5.300 ሜ.ካ ዝዓረፈ መፃረዩ ናይስ ፋብሪካ ዕሹግ ማይ ነቲ ፋብሪካ ዝምግብ ዝፃረ ማይ ተመራፀን ንጥዕና ዝስማዕማዕን ተፈጥራኣዊ ፍልፍል ማይ ዘለዎ ብዘለዎ ኩነታት ብጨረታ ኣዋዳዲሩ ከሸይጥ ይደሊ። በዚ መሰረት ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቐሕታት እተማልኡን ብቑዓት ተጫረቲ ንኽትወዳደሩ ይዕድም።

1. ተጫራታይ መኽበሪ ጨረታ ብር 100,000.00 (ብር ሓዳ ሚኢቲ ሸሕ) ብሸም ፍረ-ስዉኣት ስራሕቲ ንግዲ ሓላ/ዝተ/ዉ/ማሕበር ዝተዳለወ CPO ከትሕዙ ይግባእ፣

2. ተጫራቲ እቲ ፋብሪካ ብኽፋል ምሻጥ ዘይካኣል ምኻኑ ፈሊጦም ጠቕላላ ዝገዝእሉ ዋጋ ከመልኡ ይግባእ፣

3. ተጫረቲ ዘቕርብዎ ዋጋ ባት ዘሓወሰን ዘይሓወሰን ምኻኑ ብግልፂ ክቕመጥ ይግባእ።እንተዘይ ኮይኑ እቲ ዝቐረበ ዋጋ ባት ሓዊሱ ክምዝቐረበ ተገይሩ ይወሰድ።

4. ተጫረቲ ካብ ዕለት 29/7/2018 ዓ.ም ክሳብ ዕለት 12/08/2018 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ ዘይምለስ ብር 1000.00 እናኸፈልኩም ካብ ትካልና ዋና ቤት ፅ/ት ካብ ዝርከበሉ ይሓ ሲቲ ሰንተር ቁፅሪ 2ተ 7ይ ደብሪ ኣብ ስራሕ ሰዓት መፂኢኹም ጨረታ ሰነድ ክትዕድጉ ትኽእሉ።

5. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዋጋ ብፖሰታ ዝተዓሸገ ናይ ትካሎም ማሕተም ዝዓረፎ ናብ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ካብ ዕለት 29/7/2018 ዓ.ም ክሳብ ዕለት 13/8/2018 ሰዓት 3:00 ንጎሆ ኣታዊ ክትገብሩ ይግባእ።

6. ጨረታ ዕለት 13/8/2018 ዓ.ም ንጉሆ ሰዓት 3:00 ተዓሺጉ ኣብቲ ዕለት ንሱ ንጉሆ ሰዓት 3:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉዎ ይኽፈት።ኮይኑ ግን ጨረታ ሰነድን ጨረታ መኽበሪ CPOን እንተተማሊኡ ተጫረቲ እንተዘይቀረቡ እውን ጨረታ ካብ ምኽፋት ኣይዓግትን።

7. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ብጨረታ ሰዓሪ ምኻኑ ካብ ዝፈለጥሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 5* ማዓልቲ ብጨረታ ካብ ዘሸነፍሉ ጠ/ዋጋ 50% /ፍርቁ ከፊሎም ውዕል እንተዘይኣሲሮም ንጨረታ መኽበሪ ዘትሓዝዎ CPO ብር 100,000.00 ናብ ትካልና ኣታዊ ተገይሩ ናብቲ ቀፂሉ ዝሰዓረ ተጫራታይ ወይ እቲ ጨረታ ተሰሪዙ ካሊእ ኣመራፂ ክንወስድ ንኽእል ኢና።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8. ትካልና እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰል ኣለዎ።

ኣድራሻና ኣብ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ ሓወልቲ ከባቢ ዕዳጋ ዓዲ ሓቂ ኣብ ጎኒ ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ኣብ ህንፃ የሓ ሲቲ ሰንተር ቁፅሪ 2ተ 7ይ ደብሪ ስልኪ +2510914729393 /+25091478843/ 0930001426/0914728853/0914729393

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle